# "ኣድጊ ፈሪሆምሲ ንጠይቂ።"

ኣብ መንጎ ፖሊቲካውያን ምንቅስቓሳትና ይኹና ውዳባትና፡ ጉዳይ ታሪኽ ሓድነትን ሕድገታትን ልዕሊ ሓሙሳ ዓመታት ኣቑጺሩ'ዩ። እቲ ዝገርም'ውን ብዘይተኣደነ ሕጽረታት ተመሊኡ ከብቅዕ፡ መስደመም ንኽኸውን፡ ሓራነት ዝበሃግናያ ሃገር ህያው ኮይኑ'ዩ። ነዚ መስደመም'ዚ ክዉን ዝገበረ ሓይሊ'ውን ብ"ሓደ ልቢ!" ዝብል ሓባሪ ሓሳብ ከሰንዮ ክፍትን ዘገርም ኣይከውንን። ርግጽ'ዩ፡ ባህግታት ህዝቢ ብቐደም ተኸተል ክስርዑን፡ ከከም ዓቕሚ ተፈጻምነታቶም'ውን ብቐደም ተኸተል ክፍትሑ መባእታ ኣፈታትሓ ግርጭታት ኮይኑ ከብቅዕ፡ ኣብ ታሪኽ ቃልስና ግን ፍልልያትና ይዕበ ይንኣስ ብዓመጽን ብጎነጽን እምበር፡ በቲ ዘላቒ ፍታሕ ከረጋግጽ ዝኽእል፡ ኮታ ብምርድድዳእን፡ ኣብ ጠረጴዛን ዝተፈትሐ፡ ዳርጋ የልቦን። ርግጽ'ዩ ከከም ኣመጻጽኣኦም እንተስ ብጉርሒ፡ እንተስ ብፍርሒ ግዝያዊ ጽገናታት ብምትእትታው ዝተበጽሑ ስምምዓትን ንገለ ግዝያት'ውን ክቕጽሉ ዝኸኣሉን ኣይነበሩን ክበሃል ኣይክእልን። ንባዕሉ ኣብ ብረት ሓንጊጠ ዝተሰለፍኩሉ ውድብ ተጋድሎ፡ ሓርነት፡ ኤርትራ፡ ድሕሪ ነዊሕ ፖሊቲካዊ ሕጎጽጎጽ ኣብ ጉባኤ ኣዱብሓ ኣረጋጊጸዮ ንዝብሎ ዲሞክራስያዊ መኸሰባት፡ ብመንጽሩ ምስ ዝቐጸለ ዳርጋ ዓሰርተ ዓመትን ኣቢሉ ዝወሰደ ጉዕዞ ቃልሲ ንሓይልታት ተ.ሓ.ኤ. ሰባቢሩዎም'ዩ። ምዕብልቲ፡ ዲሞክራስያዊት፡ ሓድነታዊት፡ ሕዝባዊት ዝነበረት መማን ውድብና፡ ኣብ ምድኻማ ጸረ ዲሞክራስያውነት፡ ድሑራት፡ በተንቲ፡ ዓሌታውያን፡ ሃይማኖታውያን ኮታ ቆጺርካ ዘይውዳእ ጋዕ ገልጠም'ያ ኣቕሊዓ። እሞ ብተዛምዶኣውን ስነ-ሞጎታውን ኣጠማምምታ፡ እዛ ነጻነታዊት፡ ዲሞክራስያዊት ዝነበረት ውድብ፡  ኣብ መትከላት ሃገራዊ ዲምክራስያዊ ሰውራ ተጸፍዮም ዝጸንሑ ዓንቅጽቲ ካብ ወለደትሲ፤ ደጊም ኣብ ትሕቲ ሓጺናዊ ዲሲፕሊን ተቐሪኖም ሆ! ክበሃሉ ዝጸንሑስ፡ መኽደን ጊባብኦም ክቕንጠጥ ከሎስ ኣይውርድ'ዩሞ፡ ሕሰም ከይመጸ ንምኽላኡ መተሓጃቖፊ ዝኸውን ዓራቒ ባይታ ሃሰው ብምባል፡ ንማዕባሊ ሜላታት ሓድነት ምፍታሽ ሕማቕ ስለዘይከውን፡ ከም ኪዳን ይኹን ካልእ መቃለሲ ምውዳድ ዕማም ኩሎም ብህዝቦምን ሃገሮምን ዝግደሱ ቅኑዓት ሃገራውያን ዲሞክራስያውያን ዜጋታት እዩ።

እምበኣርከስ፡ ሃገርና ኤርትራ ዝተፈላልዩ ህዝብታት ዝነብሩላ ሃገር'ያ። ብዝያዳ እውን ክህልዉ ከምዝኻሉ እንዳገመትኩ፡ ንኹሎም ብዘይምዝርዛረይ ይቕረታ ኣንዳሓተትኩን፡ ኣገደስቲ እዮም ብምባል ክጠቕሶም ዝኽእል፡-

1. ብዓቐናቶምን ስፍሓታቶምን ዝፈላለዩ ዳርጋ ትሽዓተ ቋንቋታት ዝዛረቡ ኣህዛብ።
2. ኣብ ዓበይቲ ክልተ ዝኽፈሉን፡ ኣብ ውሽጦም'ውን ብዓቐን ይኹን ስፍሓት ዝልለዩ ንኣሽቱ ሃይማኖታትውያን ጉጅለታት።
3. ብኣደኻኹና መሬቶም ዝጽለዉ ክልተ ዝምባለታት።
4. ብዘርኢ፡ ባዕዳዊ ይኹን ባዕላዊ ምምሕዳራዊ ተሞክሮታት፡ ኣባታዊ ሕግታት ዝፍለዩ ቦታውያን ምምሕዳራት።
5. ሕሉፍ ታሪኽ ሓሙሳ ዓመታት ዘማዕበሎ ዝተፈላለየ ተረድኦታት ዘጥረየ ፖልቲካዊ ዝምባለታት።
6. ወ.ዘ.ተ.

እሞ ብመጠኑ ብኸምዚ ኣብ ላዕሊ ዘርዚረዮ ዘሎኹ ፍልልያት ዝወጋገን ህዝቢ፡ ፍሉይነቱ ንምሕላው ኣብ ዝእትዎ ሓባራዊ ውዕላት፡ ንፍሉይነቱ ክፍትሽ እንተዘይተረጋጊጹሉ'ውን ንምንታይ ኣይኮነለይን? ብምባል ክኹሪ። ወከልቱ ኢና ዝብሉ'ውን እንተነፊዕም መጻውርትን፡ መጣምርትን ዝኾኑዎም፡ ንዓኦም ምስ ዝመሳሰሉዎም ሸነኻት ክጣመሩን፡ ድልየታቶም ከዕቁቡን፡ ገለ ካብ ሚላ ስምምዓት ዶኾይኮነ? ስለዚ'ውን ኣብ መስርሓት ህዝባዊ ሓድነት፡ ክሳብ ሓባራዊ ዕግበታት ዝጥረን ብዲሞክራስያ ዝርዕምን፡ በብግዜኡ ሕጽረታት ከጋጥምን ደርገፍገፍ ከብልን ንቡር'ዩ።

ሕጂ ንስለ ገሊኦም "ህዝቢ! ህዝቢ!" ምባል ዘይገድፉ ሰብ ድልየት "ሰናይ" ይኹን ተጽዕኖታቶም፡ ብተበተብ ዝእቶን ዘይዓኾኸ ስምምዓት ይኹን ስሙር ግንባራት፡ ካብ ሚላነቶም ንላዕሊ ክኾኑ ስለዘይክእሉ፡ መዓልታት ከይበልዑ ክፈሽሉን፡ ናብ ባዶ እንተተመልሱ ዘገርም ኣይከውንን። ስምምዓትና ይኹን ስምረታትና ክዕወቱ ምእንታን ግን፡ እቲ ዝፈላልሊ ብግቡእ ተጸኒዑ ግቡእ መፍትሒ ክረክብ ኣሎዎ። እቲ ዝብጻሕ ስምምዓት ይኹን ንዑኡ ንምክያድ ንኸመርሕ ሓላፍነት ዝወሃቦ መሪሕነት'ውን፡ ቅድሚ ንስራሕ ምእታዉን ብስራሕ ምብዳሁን፡ ነቲ ዘሎ ንቡር ፍልልያት ዘቃልሕ እንተ ገደደ ገደደ'ውን ብማዕዶ ዘብህግ ክኸውን ይግባእ። ብዝሓጸረ፡ ዝብጻሕ ስምምዓት፡ ንህሉው ዝምባለታት ህዝብና ብግቡእ ኣጽኒዑ ዘሳስዮ ክኸውን ኣሎዎ። ብርግጽ፡ ክንዲ ኣብ ላዕሊ ዘርዚረዮ ዘሎኹ ዝበዝሓ ውድባት ክህሉዋ ኣሎወን እንተዘይበልኩ፡ ንባህግታትን ዝምባለታትን ህዝቢ ኤርትራ ንውክል ኢና ዝብላ ሓይልታት 10፡ 15፡ 20 ክኾና ብማንም ተኣምር ሓቂ የብሉን። ስለዚ'ውን ኣብ ቤት-ቤትና ዘየጽፈፍናዮ ዕማም፡ "ተረካብ ይዓድዮ።" ከምዝብሉዎ፡ ያኢ ኣብ ጉባኤ ኪዳን ተሓዊስካ ኣብ ሓደ ሰሙን ክረጋገጽ ይካኣል'ዩ ዝብል ግሩህ ትጽቢት፡ ብሱሩ ንእቶም ግሩሃት ጥራሕ'ዩ ዘዕግብ። ስለዚ'ዩ እውን ዝሓለፉ ስምምዓትና ይኹኑ ሓድነታትና ቆልጢፎም ዝተቖጽዩ።

ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ኣዲስኣበባ ንኽጋባእ ተመዲቡ ዘሎ ጉባኤ ኪዳን'ውን፡ እቲ ዘድልዮ ምቅርራባትን እኹል ፖሊቲካዊ ምጥማራት ይኹን ብቑዕ ሕድገታት ድሮ ተገይሩ እንተዘይሃልዩ ሕጂ'ውን ከምቀደሙ ክኸውን ዝይተርፎ'ዩ። ኣሕዋት! ኣብ መንጎ ፖሊቲካይናታት ፖሊቲካዊ ምትሕልላውን፡ ሓድነታዊ ሚላን ንቡር'ዩ። እዚ'ዩ እውን እቲ ቀንዲ ትሕዞ ዝሓለፈ ታሪኽ ተሞክሮ ሓድነትና። ባይቶና ይኹን መሪሕነትና መንጸብረቕታ ፖሊቲካዊ ይኹን ህዝባዊ ፍልልያትና ክኸውን ካብቲ ቀንዲ ሚላ ጉዕዞና'ዩ። ወዮ "ሎሚ ኾነሞ፡ ሓምለ ኾነ!" ከምዝባሃል እንተዘይኮይኑና፡ ጉባኤታት ህዝባዊ ግንባር ከረጋግጾ ዝጸንሐ ኣካውና መሪሕነቱ ኣስተውዒኩሙሉዶ ተፈልጡ? 71 ኣብ ዝኣባላቱ መሪሕነት፡ ብ35/36፡ ኣብ ክልቲኡ ሃይማኖታት ዝተኸፈለ ምንባሩ። ኣነ ኣይመስለንንዩ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ማእከላዊ ቁጽሪ ብዊንታ ፍትው ሓባራዊ ጉብኤ ከረጋግጽ። መን ይፈልጥ እቲ ሓደ ዝያዳ ቁጽሪ'ውን ሓንፈጽ እዩ ነይሩ ከይትብሉ?

እሞ እንታይ ድኣሉ ኽኸውን? ዝብል ልዋህ ሓታቲ ክህሉ ግድን'ዩ። መልሰይ'ውን ብርግጽ እቲ ዕማም ነቶም ኤርትራና ብፍልልያት ህዝባ እትውቅብ፡ እትምዕብል፡ እትሕይል ሃገር ክትኮነልና ኣሎዋ ብማለት፡ ክብሪ ወገኖም ሓይቦም ንስለ ዲሞክራስያዊትን ምዕብልትን ኤርትራን ኣብ ዝሰፍሐን ውሑስን ዲሞክራስያዊ

ምጥማራት ተጻናቢሮም ኣቃሊሶም ዘቃልሱ፡ ንስምምዓት ክመርሑዎ እንከሎዉ ጥራሕ'ዩ እቲ ፍታሕ። ብዝሓጸረ ተቐውሞና ሃይማኖታውን ዓለታዊ ጸግዕን ፍልልይን ዝሰገረ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ መሪሕ ስኢኑ ይሳቐ ኣሎ ኢለ'የ ዝኣምን።

ሕውነታዊ ይቕረታ ብምስናይ ክብሎ ዝደሊ ዘሎኹ'ውን፡ እዞም ኣሕዋት፡ "ጉባኤ ኪዳን ሓደ ውድብ ፈጢሩ ክወጽእ ኣሎዎ።" እንዳበሉ ዝሕንጥጡ ዘሎዉ ሰብ ጽቡቕ ድልየት፡ ንባህጎም እንዳ ኣድነቕኩ፡ ብፍላይ'ውን ኣባላት ኣብቲ ጉብኤ ዝህሉዋ ውድባት ኮይኖም ከብቅዑ፡ ወውድቦም ዘይተግበሮ ካልኦት ውድባት ክፍጽማሎም ይሓልሙ ኣሎዉ ዝብል ተረድኦ ብምጥራየይ ኣይፋልኩምን ክብል ይፈቐደኒ። እምበኣር እቲ ኣቐዲሙ ክግበር ዝግባኦ፡ ውድቦም ምስ ከምኦም ዝኣመሰሉን ብመትከላቶም ዝሰማምዑዎም ካልኦት ውድባት ይኹን ሓይልታት ሓባራዊ ርእይቶታት ከየጥረዩን፡ ሓባራዊ ደረኺ ሓይሊ ከይፈጠሩን ኮታ ከይተሰማምዑን፡ ኣብ ዝሰፍሐ እኼባ ኣትዮም ዝሓሸ ስምምዓት ኣዓዊቶም ክወጽኡ ዝፍትኑ ዘሎዉ፡ ንዓኦም ኣይጽቡቕ፣ ንቓልሶም ኣይጽቡቕ፣ ንሃገር'ውን ኣይጽቡቕን'ዩ እዩ'ሞ፣ ብሉጽን ሰጓምን ስምምዓት'ውን ተጠርዩ ክወጽእ ኣይከኣልን'ዩ። ንስለ ርኣዩለይ ስምዑለይ ዘተታሕዘ ህልኽይና ፖሊቲካ ስለዝኸውን'ውን ብርግጽ ፖሊቲካዊ ኩርናዕ'ውን ስለዘይህልዎ ፈራሲ'ዩ።

ብርእይቶይን ብዘይቃለዓለምን፡ ተሞክሮ ኪዳን ይኹን ምሕዝነት እዚ'ዩ ነይሩ እቲ ሕመረቱ። ሕጂ'ውን፡ ኪዳን ምስ ዕቡጥ ኣከናውናኡን፡ ዘይርጡብ ባህጉን ካብዚ ዝበልጽ ውጽኢት ክርከብ'ዩ ብምባል ንዝሓልምን ንዝላቦን ያረት ይኾነልና ብምባል ከይነኣኣስኩ፡ ከምቲ ኣብ ኣርእስተይ ኣንቢረዮ ዘሎኹ ጥቕሲ ኣበው፡ "ንኣድጊ ፈሪሖምሲ፡ ንጠይቂ ይወቕዑ።" ክምዝብሉዎ ኮይኑኒ'ሎ እቲ ነገር። ወውድብካ ገዲፍካስ፡ "ተረካብ ይዓድዮ።" ይብሉ፡ ብማዕዶ ተመጣጢርካ ንኺዳን ክትመልኽ ምፍታን ቅኑዕ ኣይኮነን።

ኣብ መጨረሽታ እንኣትዎ ምሕዝነታት ይኹን ጉባኤ ንህሉዊ ኤርትራዊ ፍልልያት ብግቡእ ፈሊጡን መምዩን፡ ዝግባኦ ነባሪ ፍትሓት ንምርግጋጽ ክፈታትሽ እንተዘይክኢሉ፡ ሕጂ'ውን ከምዝሓለፈ እዋናት ሽግር ሓድነት ህዝብና ብጥሙሩ'ዩ ክጸንሕ። ክንዲ'ቲ ስርዓት ኣስመራ ነዚ ዝምባለታት'ዚ ብሓይሊ ዓትዒቱ ሒዙዎ በዝን በትን ክጸጋግንን ክዓባብስን ሓሪሩን ተደዊኑን ዘሎ፡ ኪዳን ይኹን ንብድሕሪ ሕጂ ዝምዕብሉ ዝተፈላልዩ ሓድነታውያን መሳርሓት'ውን እንተኾኑ፡ ንኤርትራዊ ዝምባለታት ይኹኑ ሓይላታት ካብ ዘዝሓለፈ ተሞክሮታት ዘውህለል ትኩር መጽናዕትታት ብምውሳድ ወሃብትን ተቐበልትን፡ ሓለይትን ተሓለይትን እንተዘይኮይኖም፡ ብመን ከማይን፡ እዚኦም ኣበይ ከይበጽሑ፡ ነናትና ጥራሕ ንግበር ብምባል ዝካየድ ዘይብሱል ባይቶ፡ መዋዓሊ ካብ ምኻን ሓሊፉ፡ ሕጂ'ውን ከም ቀደሙ መዳኸሚ ጥራሕ'ዩ ክኸውን።

ሃይለ፡ ወልዱ።
ሎንዶን።
ፈጣሪ ኣብ ሃገርና ምሕረቱ የውርድ!
ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና!
ዕላማናዊት ዲሞክራስያዊት ኤርትራና ትዓንብብ!